# ኣብ 120 Racecourse Roadን 112 Holland Court፣ ፍለሚንግተን ንዝነበሩ ተኻረይቲ ዝኸውን ልሙድ ሕቶታትን መልሱን

20 መስከረም 2024

Tigrinya | ትግርኛ

## ሎሚ እንታይ መግለጺ እዩ ተዋሂቡ?

መንግስቲ ቪክቶርያ እቲ ዝቕጽል ቦታታት ከም ክፍሊ እቲ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓብዪ ህንጻት ኣባይቲ (Big Housing Build) ኹይኑ ዳግም ኸም ዝህነጽ ኣፍሊጡ ኣሎ። እተን ቦታታት እዘን ዝስዕባ እየን፦

- **139 Highett Street, Richmond**
- **259 Malvern Road, South Yarra**
- **6 & 8 Anderson Court, Richmond**
- **1–5, 7 & 9 Williams Court, Richmond**
- **111, 119 & 127 Elizabeth Street, Richmond።**

## እዚ መግለጺ እዚ ንዓይ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ኣብቶም ኣብ **120 Racecourse Road**ን **12 Holland Court**ን ዘለዉ ነዋሕቲ ህንጻታት ብ2031 ዳግም ናይ ምህናጽ ዝተተለመ መደብ ኸኾነ ለውጢ የለን።

ዘድልየኩም ነገራት እተማልእ ሓዳስ ቤት ንምርካብን ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝን በጃኹም ምስታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለኹም ምስራሕ ቀጽሉ።

ካብ ፍለሚንግተንን ኖርዝ ሜልበርን ናብ ካልእ ቦታ ዝግበር ምግዓዝ ኣብ **መስከረም 2025** ክዛዘም እዩ።

## እቲ ኣብ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሓድሽ ኣባይቲ እንታይ ይመስል?

ንድፌ እቲ ሓድሽ ኣባይቲ ኣይተዛዘመን የግዳስ ዘመናውን ዘተኣማምንን ማሕበራዊ ኣባይቲ ዘጠቓልል እዩ ክኸውን።

እቲ ንድፊ ምስ ተወድአ ብዛዕባ እቲ ንድፊ ሓሳብ ንኽትህቡ ኣጋጣሚ ክህሉ እዩ።

## ናይ ማሕበረሰብ ጊዜያዊ ናይ ሓበሬታ (ፖፕ ኣፕ) ፍጻመታት

ዘለኩም ሕቶታት ንምምላስ ካብ ሆምስ ቪክቶርያን ካብ ናይ ኸባቢ ቤት ጽሕፈት ኣባይትን ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣብቲ መረባ (ፎየር) ህንጻታት **120 Racecourse Road**ን **12 Holland Court**ን ክህልዉ እዮም።

ኣብተን ዝስዕባ ጊዜያት ክርከቡ እዮም፦

- ዓርቢ 20 መስከረም፣ ካብ ንጉሆ ሰዓት 10 – ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ
- ቀዳም 21 መስከረም፣ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ - ሰዓት 12 ቀትሪ።

# ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ኽረክብ ይኽእል?

ብዛዕባ ዓብዪ ህንጸት ኣባይቲ (Big Housing Build)፣ ብዛዕባ መስርሕ ምግዓዝ ከምኡውን ብዛዕባ ከይዲን መደባትን ዳግመ ህንጸት እቲ ነዋሕቲ ህንጻታት ዝያዳ ሓበሬታ ኽም ዝስዕብ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

- ኣብቲ ናይ ማሕበረሰብ ጊዜያዊ ናይ ሓበሬታ (ፖፕ ኣፕ) ፍጻመታት ተኻፈሉ
- ሰሉስን ሓሙስን ካብ ሰዓት 10 ናይ ንጉሆ ክሳዕ ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ 12 Holland Court ምስታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለ ተዘራረቡ
- ምስ ናይ ከባቢኹም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ተራኸቡ
- ብ1800 716 866 ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንጉሆ - 5 ድሕሪ ቀትሪ) ደውሉ። እንተድልዩ ኣስትርጎምቲ ኽርከቡ ይኽእሉ እዮም
- ባብቲ ኣብ bighousingbuild.homes.vic.gov.au ዝርከብ ሓድሽ ዌብ ሳይትና ብጽሑ፣ ኣብኡ ኸኣ ነታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለና ኽትሓቱዋ ትኽእሉ ኢኹም
- ኢሜይል enquiries@homes.vic.gov.au።